ጻዕዳ ሸላ 

ጻዕዳ  ርግቢ<u>ት</u>

ከይመስለኩም :

ኤርትራዊ ከይትዛነ ልውህናኻ ኣሚንካ፡
ኣሎ ጻዕዳ ሸላ ርግቢት ተመሲሉ ዝመጸካ፡
ባሕሩ ገዲፉ ከሕንብስ ኣብ ባሕርካ፡
ሃብቱ ዓቀኑ ከዘምት ሃብትኻ።

እቲ ሩጉም ጻዕዳ ሸላ፡
ድንጋጸ ዘይብሉ ፈውሲ ማሕላ፡
ዓሰና ከገፍፍ ብጅምላ፡
ኣዒንቱ ዘቋምታ ኣብ ኣዱሊስ ዙላ።

እወ ሕጂውን ከይትህመል ተገሪህካ፡
ፍሽኽ ዝበለ ኩሉ ፈታዊ ከይመስለካ፡
ማዕጾ ኣይትኽፈት ናይ ውሽጢ ልብኻ፡
ጻዕዳ ሸላ ሕንዚ ከይነዝሓልካ።

ደላይ ሰላም ምኻንካ ኣርእዮ ብደገ፡
ንሱ ግን ኮምኡ ኣይኮነን ዝደሊ ከይትጋገ፡
ውሽጢ ከኣቱ'ዩ ዝፍትን ብኣፍደገ፡
መርዛም ሓሳቡ ከዘርእ ንዝጋገ።

ነስተውዕሉሉ ዓበይትና ንኣሽቱና፡
ሸላ ዝገብሮ ዘሎ ኣብ ጎረባብትና፡
ከዘርግ ይጓየ'ሎ ናይ ሰላም ውዕልና፡
ስቓኢልና ኣይንርእን ኢድና ኣጣሚርና፡
ጉቡእና ከንገብር ድልዋት ኣለና።

ንለባም ኣምተሉ ንዓሻ ደርጓሓሉ፡
ሸላ ኣበይ ንምብጻሕ'ዩ እዚ ዘብዘብ ኩሉ፡
ዘይንፈልጦ'ዶ መሲሉዎ እቲ ኣመሉ፡፡
ሜረትና ኣይነድፍር ሂወትና ዝኸፈልናሉ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንእታትና፡
ሞሳ ነቲ ዘይጸዓድ ም/ሓይልታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ :
ገብረንጉስ መስመር፡